# ክፍለዘበን ዝተሳገረ ቅልውላው መሪሕነት፡ ትግራይ!

## መበገሲ

ዮሃንስ ኣብ መተማ ምስተበጀወ ታሪኽ ትግራይ ብመሰረቱ ተለዊጡ። ኣብ ዘበነ መንግስትነቱ ናይ ኣቢስንያ ኤምፓየር ማእኸል መንግስትነት ዝነበረት ትግራይ ወሰን ኮነት። ግዝኣታውን ብሄራውን ሓድነቱ ዓቂቡ ዘበናት ዝተሳገረ ዓዲ'ቦ ናብ ክልተ ተገምዐ፡ ድሕሪ ቁርብ እቲ ምቁርራስ ቀፀለ። መቐለ ማእኸሉ ዝገበረ መንግስቲ ፈሪሱ ነበረ ኮነ።

ድሕሪ ዮሃንስ ትግራይ ናብ ዘላቒ ናይ መሪሕነት ቅልውላው ኣትወት። ህዝብና ዘይዛረ ኹናትን ኣብቲ እዋን ዝተፈጠረ ሕሱም ድርቕን ገሊኡ ግዳይ ሞት ኣዝዩ ብዙሕ ድማ ንስደት ተበተነ። ከምቲ ትግራዋይ ምሁር ገብረህይወት ባይከዳኝ ዝብሎ *" ንጉሱ ከም ዝሰኣነ ዕስለ ንህቢ፤ መንእሰይ ትግራይ ናብ ኣርባዕቲኡ ኣንፈት ተበተነ"* ይብል። ትግራይ ናብ ዘላቕን መዋቕራውን ክባ ኣተወት። ቅድም ኢሉ ብሚኒሊክን ጥልያንን ስዒቡ ድማ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሃገራዊ ህንፀታትን ብዝበሃሉ ተፃባእቲ ሓይልታትን ኣተሓሳስባታት ዝተቐርቀዐትን ብክልተ ወገን ግዳይ ዘላቒ ብሄራዊ ጥቕዓት ድማ ኮነት፡ ቀፀለ እውን፡ ክሳብ ሎሚ!

ሻቡ ዝተፈጠረ ኹነታት ድምፃዊ ኣታኽልቲ ገረዝጊሄር ***'ኣውዓሎም'*** ኣብ ዝተሰመየ ደርፉ፡ ትግራይ ዝወረዳ መከራ፡ ልዕሊ ክፍለ ዘበን ዝተሳገረን ዛጊድ ዘይዓለበን መዘዝን ብኸምዚ ይገልፆ።

*ግዳ ሰኣን ስግር ሩባ ሰገር*

*ከምታ ልማድካስ ሰኣን ስግር ሩባ ሰገር*

*ሰኣን ሓንቲ ውዕሎ ሓንቲ ጉራደ*

*ሻቡ ተበጢሳ ኣምራት ናይ ደቂ ኣደ*

*ኣብ ናይ ጀጋኑ ባይቶ*

*እናፃሕተረ ሕቶ*

*ድጉል ረመፅ ኣበር*

*ልዕሊ መልግብ ደንደር*

*እነሀልኩም ይፍሕም ይባርዕ*

*ደቂ'ኖ የባልዕ* ይብል።

ኢትዮጵያን ኤርትራን ድማ ኣብ ምግምምማዕ ተጋሩ ተፈጢረን፤ ኣብ ፅልኢ፣ ደምነትን ዘይዛረየ ሕድሕዳዊ ጎነፅን ተጋሩ ድማ ህልዋት ኮይነን።

ኣብ ኩናት መተማ ዮሃንስ ጥራይ ዘይኮነ ብዙሓት ስቪላውን ወታደራውን መራሕቲ ትግራይ ብህይወት ኣይተመለሱን። ንራእሲ ኣርኣያ ዓብዪን ራእሲ ሃይለማርያም ሓዊሱ ድሕሪ ዮሃንስ እቲ መንግስቲ ከቐፅሉ ዝኽእሉ ብዙሓት ምኩራት ኩናት መተማ በሊዕዎም። ካብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ክሳብ ከፋ ዝተርገሐ ገፊሕ ኤምፓየር ማእኸል መንግስትነቱ መቐለ ገይሩ ን17 ዓመታት ዘመሓደረ ፖለቲካውን ወታደራውን ሊሂቕ ትግራይ ዝበዝሐ ኽፋሉ ካብ ስሑት ወፍሪ መተማ ኣይተመለሰን። ቅድሚ ሓደ ዓመት ኣቢሉ ናይ ዮሃንስ ወራሲ መንግስቲ ( heir apparent) ዝነበረ ኣርኣያስላሴ ብሕማም ዓሪፉ ነበረ'ሞ፡ ድሕሪ ዮሃንስ ቅቡልን ልምዲ ዘለዎን መራሒ ኣይነበረን። ከም ወፅኢቱ ትግራይ ከቢድ ናይ መሪሕነት ቅልውላው ገጢማ። ካብ ማእኸል ናይ ዮሃንስ መንግስቲ ማለት እውን ትግራይ ኣዝዩ ርሒቁ ዓቕምታቱ እናደላደለ፣ ምስ ግዳማውያን መንግስታት ብፍላይ ጥልያን እናተሓበበረን ናይ ዮሃንስ ንግስና ክምንዝዕ ዝፅበ ዝነበረ ሚኒሊክ ናይ ቅልውላው መሪሕነት ትግራይ ናብ ረብሕኡ ኣውዓሎ።

ድሕሪ ኩናት መተማ ብህይወት ዝተረፉ መራሕቲ ትግራይ ዝትረፉ ዓቕሞም ወዲቦም ኣንፃር ናይ ሓባር ፀላኢ ኣብ ክንዲ ዝወፍሩ ብግልባጡ ካብ ወራር ጥልያንን ሚኒሊክን ዝተረፈት ትግራይ ንምምሕዳር ናብ ሽሚያ ስልጣን ብምእታዎም ናብ ስለስተ ወገን ተኸፋፊሎም። ብዮሃንስ ወራሲ ንግስና ክኸውን ዝተሓረየ መንገሻን ኣሉላን ዝነበርዎ ቀዳማይ ሓይሊ እንትኸውን፡ ደበብ ኣርኣያን  ራእሲ ሰብሓትን ድማ እቶም ዝተረፉ ክልተ ሓይልታት ነበሩ። ሚኒሊክ ናይ ትግራይ መሪሕነት ፍልልይ ንምግፋሕን ናይ መሪሕነት ቅልውላው ንምዝላቕን ደግያት ስዩም ዝበሃል ናይ ትግራይ ኣመሓዳሪ ገይሩ ሸይሙ። ብኻልእ ወገን ብዙሕ ከይፀንሐ ማለት እውን ዮሃንስ ምስሓለፈ ድሕሪ ሓደ ዓመት ሚኒሊክ ናብ መቐለ፤ ኣመሓዳሪ ናይታ ሓዳሽ ናይ ጥልያን ኮሎኒ ማለት እውን ኤርትራ ናብ ዓድዋ ኣተው። ትግራይ ብኽልተ ወገን ብዝመፁ መሻርኽቲ ሓይልታት ተወረረት። ብሰሜንን ደቡብን ናብ መንቀራቕፆ ኣተወት። ክሳብ ሐዚ ዝፀንዐ መዋቕራዊ ክባ ትግራይ ሻቡ ተነበረ።

**ፖለቲካ ትግርኛ፡ ፖለቲካ ሸዋ**

ጥልያን ናብዚ ከባቢ እንትመፅ ክልተ ተለዋወጥቲ ፖሊስታት የሰጉሙ ነይሮም፡ ፖለቲካ ሸዋን ፖለቲካ ትግርኛን። እዞም ፖሊስታት ጥልያን ካብዚ ከባቢ ተሰዒሩ ክሳብ ዝወፀሉ 1941 ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉ ፖሊስታት እዮም። ፖለቲካ ትግርኛ፡ ትግራይ ብምድጋፍ ዝጥቀመሉ ፖሊሲ እንትኸውን፤ ፖለቲካ ሸዋ ብኣንፃሩ ትግራይ ንምድኻም ሸዋ ኣብ ምድጋፍ ዘተኮረ ፖሊሲ ኾይኑ ኣብ ዘበነ መንግስቲ ዮሃንስ ብስፍሓት ኣብ ስራሕ ዘውዐልዎ ፖሊሲ እዩ።

መራሕቲ ትግራይ ብግዳማውያን ሓይልታት ብፍላይ ድማ ብጥልያንን ሚኒሊክን ዝተወጠኑ ተመጋጋብቲ ሓል ሓሊፉ ድማ ተወዳደርቲ ፖሊስታት ተቓላዕቲ ምዃኖም ኣይተረፈን። ብወገን ሸዋ ዝተወጠነ ፖሊሲ ኣብ ትግራይ ቀዋሚ ናይ ስልጣን ማእኸል ከይህሉ ምስራሕ ዝብል ነይሩ። በዚ መሰረት ንዘበናት ዝፀንሐ ምእኹል ትግራይ-ለኸ ምሕደራ ብምፍራስ ብተፃባእትን ተናሓናሕትን መራሕቲ ዝምራሕ ዘይምእኹል ምምሕዳር ተኣታትዩ። ከም ወፅኢቱ ኣብ መንጎ መራሕቲ ኣውራ ትግራይ (Mainland Tigray) ዘየቋርፅ ጎነፅ ተወሊዑ። እዚ ውሽጣዊ ጎንፂ ብቐንዱ ክሳብ መፋርቕ 1940ታት ቀፂሉ። ኣሉላን መንገሻን ምስ ደበብ ዝገብርዎ ውግእ ከምኡ እውን ብሞት ክልቲኦም መራሕቲ ዝተኸምበተ ውግእ ሓጎስን ኣሉላን፤ ካብ ስደትን ሞትን ዝተረፈ መንእሰይ ትግራይ ዝበልዑን መራሕቲ ትግራይ ክጠፋፍኡን ዝገበሩ ውግኣት ነይሮም።

በቲ ካልእ መልክዑ መራሕቲ ትግራይ ቁርፅ ዝበለ ወሳነ ንምዕራፍ ዘፀገመሎምን ናብ ጋእጋእታ (Dilemma) ዝወሰዶምን ካብ ክልቲኦም ሓይልታት ምስ ሓዲኡ ምስራሕ ብዛዕባ ዝከኣለሉ ዕድል ምፍጣር ብዝምልከት ነይሩ። ብፍላይ ካብ 1891-1894 ኣብ ዘሎ እዋን ዝበዝሐ ናይ ትግራይ ሓይሊ ዝሓዙ መንገሻን ኣሉላን ኣብዚ ዛዕባ ፍልልይ ምፍጣሮም ሓበራዊ ውሳነ ንምሕላፍ ኣፀጋሚ ነይሩ። መንገሻ ትግራይ ዝነበረትሉ ክፉእ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታውን ሚኒሊክ ናይ ትግራይ ንጉስ (ከምቲ ዮሃንስ ንሚኒሊክ ንጉስ ሸዋ ዝገበሮ) ኽገብሮ ከምዝኽእል ተስፋ ስለዝነበሮን ኣብ ዝበዝሐ እዋን ምስ ሚኒሊክ ንምስራሕ ቁርብነት የርኢ ነበረ። ኣሉላ ድማ መንገሻ ናይ ምንጋስ ሕድሪ ዮሃንስ ናይ ምፍፃም ድልየት ኢሉ እውን ትግራይ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ሸዋ ክትኣቱ የብላን ዝብል ፅኑዕ እምነት ስለዝነበሮ ምስ ጥልያን ዕርቂ ብምግባር ንስርዓት ሸዋ ንምውቃዕ ይጠልብ ነይሩ። በዚ ምኽንያት ክልቲኦም መራሕቲ ቀፃሊ ይጓነፁ ነይሮም። በቲ ሓደ ወገን ሸዋን ጥልያን ድማ ኣብ ትግራይ ዝተፈጠረ ናይ መሪሕነት ቅልውላው ነናይ ባዕሎም ረብሓታት ከውዕልዎን ክምዝምዝዎን ምፍታኖምን ኣይቀረየን።

ኣሉላ ብዝገበሮ ስፊሕ ጎስጓስን ፀቕጥን መንገሻ ምስ ጥልያን ርክብ ንምግባር ተስማዕሚዑ። በዚ መሰረት መንገሻ፣ ኣሉላ፣ ወልደሚካኤል ሰለሞንን[1] ሓጎስን ብምኽኣን ፖለቲካ ትግርኛ ምስዘሰጉም *ጋንዶልፊ* ዝበሃል ናይቲ እዋን ናይ "ኤርትራ" ኣመሓዳሪ *ታሕሳስ* 1891 ኣብ መረብ ይራኸቡ። መራሕቲ ትግራይ ዕጥቅን ኣብ ትግራይ ዝተፈጠረ ጥሜት ንምፍታሕ ዘኽእል ሓገዝ ምግብን ይሓትቱ። ሽዑ ንሽዑ ዝተወሰነ ዕጥቅን ተተኳስን ተውሃቦም፡ ሓገዝ ምግቢ ብምዝምልከት ተስፋ ዘለዎ ምላሽ ዋላ እንተረኸቡ፤ *ጋንዶልፊ* ድሕሪ ሓደ ዓመት ኣቢሉ *ፖለቲካ* ሽዋ ዝስዕብ ባራቴሪ ብዝበሃል ኣመሓዳሪ ተለዊጡ። መንገሻን ኣሉላን ምስቲ ሓዱሽ ኣመሓዳሪ ንምስራሕ ፃዕርታት ዋላ እንተነበሮም፤ ምሳይ ክትሰርሑ እንተኾይንኩም *'ሚኒሊክ ከም ንጉስኩም ኣፍልጦ እንተሂብኩም ጥራሕ'ዩ'* ዝብል ምላሽ ስለዝሃቦም እቲ ዝተጀመረ ርክብ ተቛሪፁ።

መማረፂ ዝሰኣኑ መራሕቲ ትግራይ ንሚኒሊክ ኢዶም ክህቡን ምሕረት ክልምኑን ወሰኑ። ብምኽኣኑ እውን መንገሻ፣ ኣሉላ፣ ወልደሚካኤል ሰለሞንን ሓጎስን ናብ ሽዋ ኣቕኒዖም፡ ኣብ ቅድሚ ሚኒሊክን መኳኑንትን ነብሰወከፎም ኣብ ማእገሮም እምኒ ተሸኪሞም *'ይቕረ ግበሩልና'* ኢሎም ተመሕፀኑ። ኣብ ማእገሮም ዝተሸከምዎ ናይ ይቕረታን ኢድ ምሃብን ትእምርቲ ዝኾነ ደንጎላ ተለዓለሎም። 'ምሕረት' ተገይርኩም ተባሂሎም ኮፍ ክብሉ ተኣዘዙ። ሻቡ ነይሩ ትግራይ፡ ካብ ኣውራን ቀላሲትን *ፖለቲካ* እዚ ኸባቢ ናብ ገባሪት፣ ወሰንን ኹርምይትን ዓዲ ብዕሊ ዝወረደት፤ ግዝኣታ ዝተገማምዐ፣ ኣብ ሞንጎ ኽልተ ተፃባእቲ ሓይልታት ዝተቖርቀዐት፣ ብዘይመሪሕነት ዝተረፈት ዘኽታም ዓዲ ዝኾነት። ኣብቲ እዋን ድሮ ኹናት ዓድዋ ስለዝነበረ መራሕቲ ትግራይ ኣዐሪኻ ምድፋእ ኣድላዪ ኣይነበረን'ሞ ገሊኦም እታ ዝተረፈት ትግራይ ከመሓድሩ ንትግራይ እንትለኣኹ ገሊኦም ድማ ወታደራዊ ኣማኸርቲ ስርዓት ሽዋ ብምኳን ኣብ ሽዋ ክፀንሑ ተገብረ።

ድሕሪ ኹናት ዓድዋ ግና ግልጋሎት መራሕቲ ትግራይ ስለዘብቀዐ፡ ሚኒሊክ ንመንገሻን ስብሓትን ኣሲርዎም። መንገሻ ኣብ ኣንኮበር ምስተኣሰረ ንትግራይ ኣይተመለሰን፡ 1906 ኣብ እሱር እናሃለወ ዓሪፉ። ስብሓት ንንውሕ ዝበለ እዋን ኣብ ሃረር ተኣሲሩ ምስፀንሐ፡ ሚኒሊክ ዓራት ሒዙ ምስተመግደረ ተፈቲሑ ንትግራይ ተመሊሱ።

---

[1] ራእሲ ወልደሚካኤል ኣብ ዘበነ ዮሃንስ ኣመሓዳሪ ዮሃንስ ኣመሓዳሪ ሓማሴንን ኢሉ እውን ኣሉላ ኣመሓዳሪ ምድሪ ባሕሪ (ከበሳ) ኣብ ዝነበረሉ እዋን ምክትሉ ንሓፂር እዋን ዝሰርሐ እዩ። ሃንደስትን ሰዓብትን ኤርትራዊ ሃገራዊ ህንፀት ንህልውና ኤርትራ ዝተቓለሰ ኤርትራዊ ሓርበኛ ገይሮም የቕርብዎ እዮም። ይኹን እምበር ወልደሚካኤል ሰለሞን ምናዳ ምስ ኣሉላ ኣፈላላይ ዋላ'ኳ እንተነበሮ ብትግራዋይነቱ ፅኑዕ እዩ ነይሩ። ምድሪ ባሕሪ ኣካል ናይ ጥልያን ኮሎኒ ምስኮነ እውን ክሳብ መወዳእታ ካብ መራሕቲ ኣውራ ትግራይ (Mainland Tigray) ሓደ ኮይኑ እዩ ቐፂሉ።

ሻቡ ነይሩ፡

*“ሸዋ ሸዋ ዓባይ ቓላይ*

*ውሒጣቶም ጀጋኑ ትግራይ”* ዝተብሃለ።

ኣውራ መራሕቲ ትግራይ ማለት እውን መንገሻን ስብሓትን ምስተኣሰሩን ብሕድሕዳዊ ኹናት (ኣሉላን ሓጎስን) ምስሞቱን፤ ትግራይ ብዘይቅቡልን ኣካባይን መሪሕነት ተረፈት። ኣብዚ እዋን ነይሩ ትግራይ ምናልባት ኣብ ዘበናዊ ታሪኻ ኣብ ትሕቲ ቀጥታዊ መግዛእቲ ግዳማዊ ሓይሊ ዝኣተወት። ሸወታይ መኮነን ንዓመታት ፈረቓን ንዕኡ ስዒቡ ድማ ወሌ ብጡል ዝበሃል ሹመኛ ሚኒሊክ ትግራይ ንወሰኑ እዋን ገዝኣ። እዚ ተግባር ግና ኣብ ካልኣይ ወሎዶ መሪሕነት ትግራይ (ካብ ዘበነ መንግስቲ ዮሃንስ ቀፂሉ ዘሎ ወሎዶ) ቁጠዐ ስለዝፈጠረን ናይ ሓባር ግንባር ፈጢሮም ኣንፃር ሚኒሊክ ክገጥሙ ስለዝዕድምን ብዙሕ ኣይቀፀለን። ብምኳኑ እውን ትግራይ ኣብ ሰለስተ ምምሕዳራዊ መዋቕር ብምክፍፋልን ደቂ ደቁ ንዮሃንስ ካብ ስልጣን ወፃኢ ብምግባርን ንስርዓት ሸዋ ብቕጥታ ተፀዋዕቲ ዝኾኑ ተጋሩ መራሕቲ ክሸየሙ ተገበረ። እዚ ተግባር በቲ ሓደ ወገን ዘበናት ዝፀንዐ ትግራይ ለኸ ስርዓት ብምፍራስ ናይ ትግራይ ሓድነት ብሙሉእነት ብምድኻምን ናይ ስልጣን ማእኸል ብምፍራስን ስግኣት እቲ ስርዓት ዝኾንሉ ዓቕሚ ንምምንማን ዝዓለመ እንትኸውን፤ በቲ ኻሊእ ወገን ኣብ ሞንጎ ተመጣጣኒ ዓቕሚ ዝነበሮም ናይ ሓደ ወሎዶ መራሕቲ ነኒባዕሎም ክናቖሩን ናብ ቅሉዕ ጎነፅ ዝኣትውሉን መዳነፂ ምኽንያት ብምትእትታው ቅላውላው መሪሕነት ትግራይ ንምዝላቕ ዝዓለመ እውን እዩ ነይሩ።

ከም ውፅኢቱ ክሳብ ምብቃዕ ቀዳማይ ወያነ ዘይዛረየ ኣብ ሞንጎ መራሕቲ ትግራይ ሕድሕዳዊ ውግኣት ተኻየዱ። ውግእ ዝባን ጨዓ፣ ዓኾራ፣ ዓዴት፣ ሓፀቦን ካልኦትን ብቀንዱ ኣብ ሞንጎ መራሕቲ ትግራይ ዝተኻየዱ ውግኣት እንትኾኑ ብዙሓት መራሕቲ ትግራይ ድማ ህይወቶም ሲኢኖም እዮም። ንስብሓትን ደቆምን ሓዊሱ ብዙሓት ኣብ ሞንጎ ደቂ ብሄር ብዝተገብሩ ሕድሕዳዊ ግጥማት ጠፍኡ።

ብኻልእ ወገን ኣንፃር ስርዓት ሸዋ ዝዓመፁ መራሕቲ ትግራይ ሰኣን ድጋፍ ካልኦት መራሕትን ኣብ ገለ ገሊኡ እዋን ድማ ብድጋፍ ተናሓናሕቲ መራሕቲ ትግራይ በቲ ስርዓት ተቐቲሎም እዮም። ብፍላይ ኣብ መጀመሪያ 1900ታት ብስርዓት ሸዋ ትግራይን ዋግን ክገዝእ ዝተሓረየ ዋግሹም ጎበዜ ዝበሃል መስፍን ናብ ትግራይ ንምምፃእ ኣብ ዝፈተነሉ እዋን ክፋል ትግራይ ትግራይ ዘመሓድር ዝነበረ ኣብራሃ ኣርኣያ (ኣብርሃ ካስትል) *“ዋግ ኣብ ትሕቲ ትግራይ ትመሓደር እምበር፡ ትግራይ ኣብ ትሕቲ ዋግ ክትመሓደር ኣይትኽእልን”* ብምባል

ሹመት ዋግሹም ጎበዜን ትግራይ ብግዳም ክትግዛእ ዘገድድ ውሳነ እቲ ስርዓትን ብቓልዕ ተቓወሞ። ይኹን እምበር ካብ ኣብርሃ ወፃኢ ዝነበሩ መራሕቲ ትግራይ ኣካል እቲ ተቓውሞ ክኾኑ ኣይከኣሉን። መብዛሕቲኦም ብድጋፍ እቲ ስርዓት ኣብ ትግራይ ልዕልና ንምርካብ ነኒባዕሎም ይጋጠሙን ይጓነፁን ስለዝነበሩ፤ ኣብርሃ ዘልዐሎ ብሄራዊ ትሕዝቶ ዘሎ ተቓውሞ ክሕውስዎ ኣይከኣሉን። ብምዃኑ እውን ኣብርሃ ኣርኣያ በይኑ ኣብ ኮረም ኣንፃር ወራሪ ሓይሊ ስርዓት ሸዋ ገጢሙ። ገዚፍ ናይ ሓይሊ ዘይምምጥጣን ስለዝነበረ ኣብርሃ ዝመርሖ ሓይሊ ትግራይ ተሰዒሩ። ኣብርሃ ብህይወቱ ተታሒዙን ተኣሲሩን ብዙሕ ከይፀንሐ በቲ ስርዓት ተቐቲሉ።

ብኻልእ ወገን ኣባ ይላቅ ካሳ (ወዲ ስዩም መንገሻ) ኣብ 1910ታት ንስርዓት ሸዋ ብቓልዕ ምቅዋም ጀሚሩ። ማእኸል ተቓውሞ ኣባ ይላቅ ካሳ *“ትግራይ ብሸዋ ክትግዛእ የብላን”* ዝብል ነበረ። ኣብቲ ስርዓት ግልፂ ዝኾነ ፅልኣት ስለዝነበሮ ናይ ትግራይ መንግስቲ ንምትካል ብምሕላን፤ ንወላዲኡ (ስዩም) ሓዊሱ ንወኪላት ስርዓት ሸዋ ዝኾኑ ተጋሩ ብምግጣም ኣቢሉ ተቓውምኡ ገሊፁ። ናይ ኣባ ይላቅ ካሳ ተቓውሞን ዓመፅን ስፊሕ ህዝባዊ ድጋፍ ስለዝነብሮ ዝበዝሕ ከባብታት ትግራይ ኣብ ሓፂር እዋን ክቆፃፀር ክኢሉ ነይሩ። ይኹን እምበር ብልመናን ምሕፅንታን ዓበይቲ ዓድን ካህናትን ኣቢሉ ምስ ወላዲኡ ተዓረቑ ንወሱን እዋን ተቓውምኡ ደው ኣቢሉ ነይሩ እዩ። ድሕሪ ውሱን እዋን ግና ኣንፃር ስርዓት ሸዋን ኣብ ትግራይ ዝነበሩ ወኪላት እቲ ስርዓትን ተቓውሞ ኣልዓለ። ኣብዚ እዋን ነይሩ ደጊሙ ብምሕፅንታ ዓበይቲ ዓድን ናብ ወላዲኡ ኢዱ ክህብ ኮይኑ። ሻቡ ተኣሲሩ ናብ ሸዋ ተላኢኹ። ኣብ እሱር እናሃለወ ድማ ብስርዓት ሸዋ ተቒቲሉ። ኣብ 1930ታትን 1940ታትን ድማ ብሄራዊ ሕቶ ትግራይ ሒዙ ዝተላዓለን ምናልባት ጀማሪ ምንቅስቓስ ‘ትግራይ ትግርኚ’ ዝኾነን ሃይለስላሴ ጉጉሳ ንስርዓት ሸዋ ብምቅዋም ታሪኻዊ ተጋድሎ ፈፂሙ እዩ። ሃይለስላሰ ጉጉሳ ነዚ ናይ ትግራይ ትግርኚ ሃገርነት ንምግሃድ ምስ ጥልያንን እንግሊዝን ዲፕሎማስያውን ፖሎቲካውን ፃዕርታት ገይሩ እዩ። ይኹን እምበር ሕልሙ ከይተጋሃደ በቲ ስርዓት ተታሒዙ ዕድመ ልክዕ ተኣሲሩ ንትግራይ ከይተመለሰ ኣብ ዘበነ ስርዓት ደርጊ ህይወቱ ሓሊፉ። ብተመሳሳሊ መራሒ ቀዳማይ ወያነ ትግራይ ብላታ ሃይለማርያም ረዳ እውን ብማሕላን መፅብዓን ንምሕረትን ዕርቅን ኢዶም ነቲ ስርዓት ምስሃቡ፤ እቲ መፅብዓ ተዓፂፉ ዝበዝሕ ህይወቶም ኣብ ቤት ማእሰርትን ኣብ ርሑቕ ደቡብ ኢትዮጵያ ብሉሕሉሕ ማእሰርቲ ክነብሩ ተገዲዶም እዮም።

ብድምር ትግራይ ድሕሪ ዮሃንስ ኣብ ዝተናውሐ ናይ መሪሕነት ቅልውላው እያ ፀኒሓ። በቲ ሓደ ወገን መብዛሕቲኦም ነባራት መራሕቲ ትግራይ ኣብ መተማ ምስ ዮሃንስ ምሕላፎም ስዒቡ ወታደራውን ፖለቲካውን ዓቕሚ ትግራይ ብጣዕሚ ስለዝተዳኸመን ነዚ ኹነታት ንምብዳህ ዘኽእል ልምድን ሓድነት ዘለዎ መሪሕነት ብዘይንባሩ እዩ። በቲ ካሊእ ወገን ውግእ ዶግዓሊ ሒዝዎ ዝመፀ ጣጣ እዩ። እዚ ውግእ ኣብ ሞንጎ ዮሃንስን ጥልያንን ዝተፈጠረ ወጥሪ ብምግዳድ ትግራይ ብሰለስተ ኣንፈት ክትኸበብ ዝዓደመ ውግእ እዩ። ብሰሜን ጥልያን፣ ብደቡብ ሚኒሊክን ተኽለሃይማኖትን፣ ብምዕራብ ድማ ማህዲስት ዝብሃሉ ሓይልታት ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ትግራይ ክኾብዋን፡ ዮሃንስ ኣብ ኢዱ ዝነበሩ ዲፕሎማስያውን ፖለቲካውን መማረፅታት ክፀንቀቑ ዝገበረ ስሑት ውግእ እዩ። ብመሰረቱ እዚ ውግእ ካብ ፍቓድን ኣፍልጦን ዮሃንስ ዝተገበረን ኣብ ሞንጎ ጥልያንን ዮሃንስን ዝተፈጠረ ወጥሪ ክዓብን ኣብ ሞንጎ ሚኒሊክን ጥልያንን ዝተጀመረ ርክብ ክዓሙቕ ኢሉ እውን ነዚ ብዝግባእ ዝተረድአ ሚኒሊክን ኣንፃር ዮሃንስ ክዕምፅ ዘኽአለ ኩነት እዩ። ከም ውፅኢቱ ዮሃንስ ብስለስተ ኣንፈት ተኸቢቡን ነዚ ኸባ ንምፍንፃሕን እቶም ሓይልታት ዝፈጠርዎ ሓደጋ ንምቕንጣጥን ምስ ዝተፈላለዩ ሓይልታት ኣብ ተመሳሳልን ተቐራራብን እዋን ክገጥም ተገዲዱ። ብዙሕ ከይፀንሐ ድማ ኣብ ኩናት መተማ ምስ ካልኦት መራሕቲ ህይወቱ ስኢኑ። እዚ ኣብ መወዳእታ ዘበነ መንግስቲ ዮሃንስ ዝተፈጠረ ክባ ክሳብ ሎሚ ኣሎ። ብምኺኑ እውን ኣብቲ እዋን ዝተፈጠሩ ወታደራውን ዲፕሎማስያውን ጌጋታት ብሓፈሻ ውግእ ዶግዓሊ ድማ ብፍላይ ትግራይ ናብ ክባ ክትኣቱን ብኽልቲኡ ወገን ዝነበሩ ተፃባእቲ ሓይልታት ድማ ዕድል ረኺቦም ትግራይ ብዘላቕነት ዘዳኽሙሉ በሪ ዝተኸፈተሉን ኩነታት ተፈጢሩ። ከም ውፅኢቱ እቶም ትግራይ ናብ ክባ ዘእተውዋ ግዳማውያን ሓይልታት ቅልውላው መሪሕነት ክጋደድን ክፀንዕን ሰሪሖም እዮም።

## ህወሓት፡ ቅልውላው መሪሕነት ትግራይ ዘጋደደ ሓይሊ

ህወሓት፡ ብሄራዊ ዕላማ ከይጨበጠ ኣብ ኮረቻ ብሄራውነት ተወጢሑ ስልጣን ዝሓዘ ሓይሊ እዩ። እዚ ሓይሊ ስልጣን ምስዓተረ ብብርኪ ስልቲ ዝግልገለሉ ዝነበረ ብሄራውነት ስልጣን ምስሓዘ ብቕፅበት ነይሩ ዝደርበዮ። ብዙሕ ከይፀንሐ ድማ ናይ ትግራይ ብሄረተኝነት ከም ናይ ስልጣንን ናይ ኢትዮጵያ ሓድነትን ሓደጋ ብምስራዕ ብዕሊ ክቃለሶ ጀሚሩ። ወታደራዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ማለት እውን ደርጊ ካብ ስልጣን ምስተኣለየ፤ ፍትሓዊ ሕቶ ንዘልዐሉ ተጋደልቲ ትግራይ ብምስኳንን ብምእሳር ኣቢሉ ይፍፅሞ ነይሩ። ከም ወፅኢቱ ኣዝዮም ብዙሓት ተጋደልቲ ሕቶታት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት ስለዘቕረቡን ንመሪሕነት ህወሓት ስለዝተቓለሱን ብዙሕ ግፍዕታት በፂሕዎም። ብፍላይ ካብ 1985- 87 ኣ.ግ

ብዓሰርተታት ኣሸሓት ዝቁፀሩ ተጋደልቲ ብሽም ብሄራዊ ምምጥጣን፣ ገምጋም፣ ኣካላዊ ጉድኣትን ካልኦት ምኽንያታትን ብዘይእኹል መጣየሺ ክሰናበቱ ተገይሩ። ቀንዲ ዕላማ እዚ ተግባር ግና ዝተወደበ ወታደራዊ ዓቕሚ ትግራይ ብምምድኻም፡ ብሄራዊ ውዳበ ምጥፋእን መሪሕነት ከይበቁል ምስራሕን ምንባሩ ዘማትእ ኣይኮነን።

መሪሕነት ህወሓት ዓቕሚ ትግራይ ናይ ምድኻም ተግባሩ ካብ ፅባሕ ስልጣን ምሓዝ ዝተኣታተዎ ዋላ ይኹን እምበር ካብ ምስረትኡ ኣትሒዙ እዞም ተግባራት ይፍፅሞም ምንባሩ ዝከሓድ ኣይኮነን። በቲ ሓደ ወገን ናይ ትግራይ ብሄራዊ ዕላማ ኣብ ልዕሊ ዝጨበጠ ግንባር ገድሊ ሓርነት ትግራይ (ግገሓት) ዝሓዞ ቕዋምን ኣብዚ ውድብ ዝወሰዶ ካብ ምጥፋእ ዘይነኣኣስ ስጉምትን እዩ። 'ፀቢብ ብሄርተኛ' ዝብል ታርጋ ብምልጣፍ እዚ ውድብ እግሪ ከይተኸለ ክጠፍእ ህወሓት ዓብዪ ግደ ኣለዎ። ብምቕፃል ኣብቲ ብረታዊ ቃልሲ እውን ውሽጣዊ ፍልልያት እንትፍጠሩ ኣፍላላያቱ ዝፈትሐሉ ኣገባብ ብመንፅር ዲሞክራሲያውነቱን ምዕቃብን ምሕያልን ዓቕሚ ትግራይ እንትምዘን ኣሉታዊ ውፅኢቱ ፈጢሩ እዩ። ብቐንዱ እዚ ሓይሊ ናብ ስልጣን ምስመፅ ናይ ትግራይ ፖለቲካውን ወታደራውን ዓቕሚ ኣብ ምምካን ብስፍሓት ነጢፉ።

ኣብቲ ውድብ ፍልልያት ዝፃወርን ዘተኣናግድን ፖለቲካዊ ባህሊ ካብ መፈጠሩ ኣትሒዙ ስለዘይነበሮን ብቀንዱ ሓሳብ ካብቲ መሪሕነት በቢብርኩ ናብ ዘሎ ኣባልን ህዝብን ክውሕዝ ዘፍቅድ ቀያዳይ ኣሰራርሓ ስለዝነብሮ ነዚ ኣሰራርሓ ዘይቕበል ዝኾነ ወገን ካብ በትሪ እቲ ውድብ ኣየምልጥን። ብምኧኑ እውን ካብ ህዝቢ፣ ኣባላትን ካድረታትን እቲ ውድብ ዝለዓሉ ሕቶታት ንምስማዕ ፍቓደኛ ኣይነበረን ጥራሕ እንተይኮነስ፤ ሕቶታት ንዘልዕሉ ወገናት የሰኩን፣ ይኣስርን፣ ካብ ማሕበራዊ ህይወት ክንፀሉ ይገብርን ካብ መንግስታዊ ስራሕ የባርርን ነይሩን ኣሎን።

መሪሕነት ህወሓት ን10 ዓመት ኣብ ስልጣን ምስፀንሐ ናብ ውሽጣዊ ጎነፅ ጥሒሉ። ናብ ኽልተ ወገን ተገሚዑ ናብ ስልጣን ሽሚያ ኣትዩ። ኣብ ሞንጎ መሪሕነት ህወሓት ዝተፈጠረ ጎነፅ ብሽፋን ናይ ፖሊሲን ሓሳብን ፍልልይ ዝተለዕጠጠ ዋላ እንተነበረ እቲ ኣውራ መፈላለዪ ነጥቢ ግና ስልጣን እዩ ነይሩ።[2] ማእኸል ናይቲ ፍልልይ ስልጣን ምንባሩ ጥራሕ ዘይኮነስ ፍልልያት ዝፃወረሉ ባህሊ ስለዘይነበሮ ኣብቲ መሪሕነት ዝተፈጠረ ፍልልይ ብሰዓር ተስዓርን ተዛዚሙ። ኣብዚ ከይዲ በቲ ሓደ ወገን እቲ ሰዓራይ ኾይኑ ዝወፀ ክፋል ህወሓት ነቲ ዝተስዓረ ክፋል መሪሕነት ህወሓት ንምውቃዕን መንግስታዊ ስልጣኑ ንምፅናዕን ግዳማዊ

[2] Medhane Tadesse and John Young (2003) TPLF: Reform or Decline?

ሓይሊ ማለት እውን ብኣዴን ተጠቒሙ እዩ።[3] ብኻልእ መዳይ ናብ ክልተ ዝተገምዐ መሪሕነት ህወሓት ንምስዕዓር ኣብ ዝገበርዎ ግጥም ዘልዕልዎም ኣጀንዳታት ህዝብና ንተፃበእቲ ሓይልታት ብዘቃልዕ ኣገባብ እዩ ዝውገን ነይሩ። እዚ እንትበሃል 'ናይ ትግራይ ልዕልነት'፣ ትግራይ ብፍሉይ ከምዝለምዐት፣ ሽያጢ ዓዲ፣ *'ፀቢብ ብሄርተኛ'* ዝብሉን ካልኦት ዘዕባታት ተፃባእቲ ሓይልታት ክጥቀምሎም ዝዓደሙ ኣጀንዳታት ይጥቀሙ ነይሮም። እቲ ሓቂ ትግራይ ይትረፍ ክትለምዕ፣ ንነዊሕ እዋን ናይ ኹናት ማእኸል ምንባራ ስዒቡ ዝተፈጠረ ስፊሕ ዕንወት ንምሕዋይ ዓለም-ለኻዊ ትካላት ዝገብርዎም ፈናንሳውን ንዋታውን ድጋፋት ናብ ትግራይ ከይበፅሑ ነባር ቢሮክራሲ እታ ሃገር የዐንቅፍ ምንባሩ እዩ።[4] ይኹን እምበር እዞም ኣጀንዳታት ብኸይዲ ኣብ ቀረባን ርሑቕን ዝነበሩ ሓይልታት ብፍላይ ድማ ናይ ኢትዮጵያ ሓይልታት ተጠቒሞምሎምን ምስሊ ትግራይ ክድየን ዓብዪ ኣስተዋፅኦ ምግባሮም ዝካሓድ ኣይኮነን።

ናይ 1993 ኣፈላለዩ ዝኸምበተሉ ኣገባብ ኣብ ምጥፍፋእን ምስዕዓርን ዝተመሰረተ ኢሉ እውን ንግዳማውያን ተፃባእቲ ሓይልታት ተወሳኺ ዓቕሚ ዝፈጥርን ብቀፃልነት ተቓላዓይነት ትግራይ ብዘጋድድ ኣገባብ ተኸምቢቱ። ብምኽንያቱ እውን ህወሓት ናብ ክልተ ወገን ምኽፋሉ ስዒቡ ፖለቲካዊ ስልጣን ካብ ትግራይ ናብ ኣዲስ ኣበባ፣ ካብቲ ውድብ ናብ መንግስቲ፣ ካብ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ናብ መለስ ተዛዊሩን ተለዊጡን።[5] ኣብዚ ኸይዲ ዳርጋ ኹሉ ናይ ትግራይ ሊሂቕ ተኣኻኺብሉ ዝነበረ ትካል ዓቕሙ ማህሚኑ። ካልኦት ካብዚ ናይ ህወሓት ምግምማዕን ምድኻምን ከሰብቲ ብምንባሮም ብቐፃልነት ዓቕሚ እናፈጠሩ ብምኻድ ኣብ መወዳእታ ስልጣን ናይ ምምንጣል ዓቕሚ ገቢቶም። ትግራይ ብኣንፃሩ ኣብቲ ንባዕሉን ብሄራዊ መሰረቱን እናበልዐን እናዳኸመን ዝኸይድ ህወሓት ጥራሕ ዝተኣከበ ፖለቲካውን ወታደራውን ዓቕሚ ስለዝነበራ፤ በቲ ዝተፈጠረ ውሽጣዊ ናይ መሪሕነት ምብትታን ዓቕሚ ትግራይ ተዳኺሙ።

## ትግራይ፡ መዕቖቢት ዝተሰዓረ መሪሕነት ህወሓት

ድሕሪ 1993 ኣብ ሓደ ሰብ ሙሉእ ናይ ምውሳን ስልጣን ዝተመስረተ ህልውና ዝነበሮ መሪሕነት ህወሓት መለስ ምስ ሞተ ናብ ዝተማልአ ናይ መሪሕነት ቅልውላው ኣትዩ። እዚ ሓይሊ ዓዲ ዘመሓደረሉ ናይ ፖሊሲ ንፅረት፣ ኣዘን ናይ መሪሕነት ውህደትን ስለዘይነበሮ ናብ ደምበርበር ኣትዩ። ብዙሕ ከይፀንሐ ማለት እውን

---

[3] ibid

[4] John Young (1997) Development and Change in Post-Revolutionary Tigray

[5] Medhane Tadesse (?) Meles Zenawi and the Ethiopian State

2009 ናይ መሪሕነት ምግምማዕ ኣጋጠሞ። እዚ ምግምማዕ ኣውራ መንቀሊኡ በዓልቤትነት ህወሓት ምምላስን ስልጣን ምብሓትን ምንባሩ ዝከሓድ ኣይኮነን። ኣብዚ ኸይዲ ምግምማዕ እውን ብተመሳሳሊ ውሽጣዊ ናይ ስልጣን ጎነፆም ብሰዓራይነት ንምውፃእ ግዳማዊ ሓገዝ ሃሰው ምባሎም ኣይቀረየን። ገሊኦም ጉጅለታት ህወሓት ብፍላይ ናይ ኦህዴድን ብኣዴንን ሽርክና ንምሻማት ትግራዋይ ብኣማኢት ኣሻሓት ንብረቱ እናተዘመንዝዐ እንትባረር እዚ ጉዳይ ባሊህ ክብልዎ ኣይከኣሉን ጥራሕ ዘይኮነስ *'ብሄር ተኮር ጥቕዓት ኣይኮነን፡ ዒላማ እቲ ጥቕዓት እቲ ስርዓት እዩ'* ክብሉ ብዋጋ ህይወትን ጥሪትን ትግራዋይ ዝተመግደረ ስርዓት ከድሕኑ ይጓየዩ ነይሮም። ብተወሳኺ መዋፈሪ ፀረ ተጋሩ ዝነበር መላፍንቲ ህወሓት ዝኾነ ብኣዴን ንምጥባር *'ንብኣዴን ብምጥርጣር'* ኣባላቱ ዘገማገመ ነውራም መሪሕነት እዩ። ዘይንቡር ተግባራት መሪሕነት ህወሓት ቀፂሉ ፀረ ትግራይ መተኣኻኸቢ መብዛሕቲኦም ሓይልታት ፖለቲካ ኢትዮጵያ ኣብ ዝኾነሉ እዋን መሪሕነቱ በታቲኑ ኣብታ ሃገር ንዝተፈጠሩ ፀገማት በዓል ዋና ኾይኑ። ተግባራት እዚ መሪሕነት ኣብ ዝለዓለ ጠርዚ በፂሑ ዝነበረ ትግራዋይ ተኮር ጥቕዓት ብምውሳኽ ተቓላዓይነት ትግራይ ኣጋደዶ።

ንፖሎቲካዊ ኣመተ፣ ንሓቀኛ ናይ ኲነታት ገምጋም፣ ንሰጓማይ ፖለቲካዊ ተዋስኦ ጓና ዝኾነ መሪሕነት ህወሓት ትግራዋይ ንጥቕዓት ኣሳጢሑን ውድባዊ ዓቕሙ ኣዳኺሙን ስልጣኑ ከፅንዕ ፈቲኑ። ይኹን እምበር ካብ በሰሮ መሪሕነት ህወሓት፡ ንስልጣን ዘብቅዕ ዝሐሸ ስልቲ ዝነበሮም ሓይልታት ኢትዮጵያ ተላፊኖም ስልጣን ሒዞም። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ፖለቲካዊ ስዕረት ዘጋጠሞ መሪሕነት ህወሓት ናብታ ቅድሚ 27 ዓመታት ዝገደፋ ትግራይ ብቕፅበት ኣንሳሒቡ። ዝተወሰነ ኽፋሉ ድማ ምስ ኣቢይ ኣሕመድ ወጊኑ። ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ምድላውን ሓደጋታት ንምክልኻል ዘኽእል ስትራቴጅን ተኣኪቡ ናብ ትግራይ ተመሊሱ። ናብ ትግራይ ምምላሱ ብሄራዊ ኣጀንዳ ተዓጢቑ ናይ ትግራይ ረብሓታት ንምስሳንን ንምርግጋፅን ኣይነበረን። ብግልባጡ ናብ ትግራይ ግዝያዊ ምንስሓብ ብምግባርን መቐለ ናይ ተቓውሞ መተኣኻኸቢት ማእኸል ብምግባር ናብ ኣዲስ ኣበባ ናይ ምምላስ ውጥን ነይርዎ። እዚ ክውን ናይ ምኳን ዕድሉ እናፀበበ እንትኸይድ ግዳማዊ ስግኣታት ትግራይ ብምዝማዝ ናብ ጓጓ ህዝብና ተሸጒጡ። ይኹን እምበር ህዝቢ ትግራይ ዘጋጠሞ ኹለ መዳያዊ ስግኣት ዝቐርፍን ዝከላኸልን ፖለቲካዊ፣ ወታደራውን ዲፕሎማስያውን ዕዮታቱ ይውግን ኣይነበረን። ብኣንፃሩ ዓቕሚ ተፃባእቲ ሓይልታት ብምንእኣስ ብወገን ትግራይ ዝግበር ኹሉ ዓይነት ምድላው ብምስንኻልን ብምድኻምን ንወራርን ጥቕዓት ፀላእቲ ዝምቹ ኹነታት ፈጢሩ።

ብሰሪ መሪሕነት ህወሓት ትግራይ ኩሉ ዓይነት ዓቕማ ከይትጥቀም ስለዝተኣሰረት ብኹሉ ኣንፈት ዓቕምታቶም ኣዋዲዶም ዝመፁ ወረርቲ ሓይልታት ኩሉ ዓይነት ጥቕዓት ኣብፁሑላ ። እዚ ብህቀና ስርዓት ኢትዮጵያን ዘዋፍሮም ተሓባበርቱን ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ወራር ንምኽባስ ዘኽእል ቅድመ ምድላው ብዘይምግባር ዕዮ ገዝኡ ዘይወገነ ፍሹል መሪሕነት ህወሓትን ህዝብና ንናይ ምጥፋእ ሓደጋ ኣቃሊዕዎ። እዚ ኣካል ኣብቲ ንክልተ ዓመት ዝተሳለጠ ጆኖሳይዳዊ ኩናት ዝፈፀሞም ብሄራዊ ገበናት፣ ህልውና እዚ ብሄር ናብ ሓደጋ ዝወሰዱ ውሳነታቱ፣ ሓድነት ህዝብና ንምዝራግ ዝፈፀሞም ተግባራት፣ ህዝባዊ ቃልስና ብምምንዛዕ ግዝኣታው ህዝባውን ሓድነት ትግራይ ብምህጋር መሰል ርእሰ ውሳነ ብሄረ ትግራይ ኣሕሊፉ ብምሃብ ኣቢሎም ዝግለፁ ብሄራዊ ክሕደታት እዚ ሓይሊ ብኽልእ ፅሑፍን ርእስን ብዝርዝር ክግለፁ ስለዘለዎም ኣብዚ ፅሑፍ ካብዚ ንዓቐብ ኣይኸደሉን።

**ኣብ ልዕሊ ሕፈሰን ሰሙን ፅግዕ ይወፀን፡ ቅልውላው መሪሕነት ህወሓት ድሕሪ ፕሪቶሪያ**

መሪሕነት ህወሓት ንኹሎም ዘይሻራውያን ድምፅታትን ለበዋታትን ተጋሩ ፀማም እዝኒ ብምሃብ ናይ ምድራዳር ዓቕሚ ትግራይ ኣዝዩ ኣብ ዝተዳኸመሉ እዋን ነይሩ ናብ ድርድር ዝቐረበ። እዚ ሓይሊ ቀደሙ እውን ናይ ድርድር ኣዞ ኣዛውሮን ስለዘይነበሮ ዕላማታት እቲ ህዝባዊ ቓልሲ ብምርካዝ ውድባዊ ህልውንኡ ዝዕቅብ ስምምዕነት ኸቲሙ። እዚ ሓይሊ ኣብዚ ስምምዕነት ዘለዎ ቕዋም ተለዋዋጣይ ዋላ እንተኾነ ኣብቲ እዋን ግና ከም ሓደ ዓብዪ ዓወት እዩ ዝንየተሉ ነይሩ። ትሕዝቶ እቲ ስምምዕነት ብምዝባዕ፣ መንነት ተሰማዕማዕቲ ኣካላት ብምጭብርባር፣ ሓሳባዊ ረብሓታት እቲ ስምምዕነት ብምጉላህ፤ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ከም ዓብዪ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ዓወት ክቐርቦ ይፍትን ነይሩ። ኩሎም ሕቶታት ትግራይ ኣህጊሩ ንስልጣን ዝጓየ ዝነበረ መሪሕነት ህወሓት ድሕሪ እቲ ስምምዕነት ናብ ትግራይ ዝመፁ ልኡኻት ስርዓት ኢትዮጵያ *"ኣብ ምንጎና ሳልሳይ ወገን ኣየድለየናይ፡ ካብ ናይጀሪያ ሰብ ኣምፂና ክንሸማገል መሕፈረ እዩ"* ብምባል ነቲ ስርዓት ዘለዎ ተዋረዳዊ ተኣማንነትን (allegiance) እቲ ኸይዲ ንኽልቲኦም ገበነኛ ናይ ስልጣን ሓይልታት (ህወሓትን ብልፅግናን) ዘስማዕምዕ ካብ መደራደረቲ ዝተኸወለ ክልተኣዊ ድርድር ክግበርን ፃውዒት ገይሩ እዩ። ብምቅፃል *"ሓደ ሚልዮን ትግራዋይ ኣይሞተን፤ ከምኡ ዝበሉ ሰባት እቲ ኣመራርሓ ኣጨፍጪፉና ንምባል እዩ"* ብምባል ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ብሞት ሚልዮናት ዝግለፅ ሰብኣዊ ህልቂት ብመንፅር ንውልቁኡን ጉጅልኡን ዘስዕቦ ተሓታትነት ብምስፋር ፅንተት ትግራይ ብዕሊ ክሒዱ። እዚ ተግባር ቅሉዕ፣ ዘየሻሚ፣ ውፁእ ብሄራዊ ክሕደት እዩ። ይኹን እምበር እዚ ዝበለ መራሒ ህወሓት ሕጋውን ፖለቲካውን ዋጋ ኣይኸፈለን። መሪሕነት ህወሓት ሕጊ ኣብ ዝኾነሉ ዓዲ ክሕተት ትፅቢት ኣይግበርን።

ምስ ምስረታ ግዝያዊ መንግስቲ ተዛሚዱ ኣብ መንጎ መሪሕነት ህወሓት ፍልልይ ተፈጢሩ። ግዝያዊ መንግስቲ ዝምስረተሉ ኸይዲ መሉእ ብሙሉእ ንምብሓት እዚ ጉዳይ ካብ መሰርሒ ኣፈፃፀማ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ብምውፃእ ምስ ስርዓት ኢትዮጵያ ናይ ውሻጠ ስምምዕ ብምግባር ሙሉእ ልዕልነት ህወሓት ዘረጋግፅ ግዝያዊ ምምሕዳር ክምስረት ተገይሩ። እዚ ኸይዲ ወዳበታት ፖሎቲካን ስቢክን፣ ምሁራትን ፀለወቲ ስባትን ዋላ እንተተቓወምዎ ህወሓት በቲ ዝደልዮ መንገዲ ካብ ምጥያሽ ዝዓገቶ ኣይነበረን። ኾይኑ ግና ኣብ ድልድልን ሽንሽናን ስልጣን ዝምልከት ኣብ መንጎ መሪሕነት ህወሓት ፍልልይ ተፈጢሩ። ኣውራ መራሕቲ እቲ ውድብ ባርኾት ስልጣን ካብ መራሒ ኢትዮጵያ ንምርካብ ብእግርን ፈረስን ይመላለሱ ነይሮም። መራሕቲ ህወሓት፡ ከምቲ እኒ ኣሉላን መንገሻን ዝገጠሞም እምኒ ተሸኪሞም ንኣቢይ ኣሕመድ *"ይቕረ በለልና"* ብዛዕባ ምባሎም ግዜ ዝምልሶ ሕቶ ዋላ እንተኾነ፤ ካብታ ንዓመታት ዘመሓድርዋ ዓድን ስርዓትን ስልጣን ምልማኖም ግና ብቓልዕ ዝፈፀምዎ ተግባር እዩ።

ብፍላይ ብስምምዕነት ኣቢይን መሪሕነት ህወሓትን ምስለኔ ጊዝያዊ ምምሕዳር ምስተጣየሸን መራሒ ናይቲ ጊዝያዊ ምምሕዳር ብኣቢይ ምስተሸመ ውሽጣዊ ጎነፅ ህወሓት ተጓሃሂሩ። ብኸይዲ ድማ ናብ ክልተ ናይ ስልጣን ጉጅለታት ተገማሚዑ ምስለኔ ስርዓት ኢትዮጵያ ንምኻን ኩሉ ዓይነት ተግባራት በቢወገኖም ይፍፀሙ ኣለው። እዞም ጉጅለታት ህዝቢ ዘዕስልሉን ዘተኣኸኽብሉን ህዝባዊ ኣጀንዳ ስለዘይብሎም ኣጀንዳታት ትሕተ ብሄራውነት ብምሕንጋጥን ኣውራ መላዓዓሊ ዘዕባ ብምግባር ይሰርሑ ኣለው። መሪሕነት ህወሓት ግልፅን ዘየሻምን ቅዋሙ ቅድሚ ኹሉ እንኮላይ ቅድሚ ህልውና ትግራይ ሓዊሱ ናይቲ መሪሕነት ዘይዓግብ ናይ ስልጣን ሽውሃት ዘርውየሉ ጣኦት ምድሓን እዩ። ብፍላይ *"ቅድሚ ህልውና ትግራይ ህልውና ህወሓት ይረጋገፅ"* ዝብል እውጅ ጭርሖ ብምሓዝ፤ ብዋጋ ህልውና ህዝብና ህወሓት ዝበሃል ናይ ግልጋሎት ግዚኡ ዘብቅዐ ፈፂሙ ዘይሓዊ ሓይሊ ከድሕን ህዝቢ ትግራይ ንምብትታን ይሰርሕ ኣሎ።

## ፖለቲካ ትግርኛ፡ ፖለቲካ ሽዋ 2.0[6]

መሪሕነት ህወሓት ልዕሊ 40 ሚኢታዊ ህዝብን ግዝኣትን ትግራይ ንዝተፈላለዩ ሓይልታት ኣሀጊሩ ኣብቲ ዝተረፈት ብኽልተ ተፃባእቲ ሓይልታት ዝተኸበበት ትግራይ ንምግዛእ ድሕሪ ዮሃንስ ዝነበሩ መራሕቲ

[6] ብትሕዝቶ ምስቲ ዝፀንሐ ፖለቲካ ሽዋን ትግርኛን ዝመሳሰል ነገር ኣለዎ። ፖለትካ ሽዋን ትግርኛን ናይ ጥልያን ውፃኢ ጉዳይ ፖሊሲ እንትኾውን፤ ፖለቲካ ሽዋን ትግርኛን 2.0 ምስቲ ዘለናዮ እዋን ካብቲ ቀዲሙ ዝነበረ ናይ ጥልያን ፖሊሲ ብትሕዝቶን ተዋሳእትን ዝፍለየሉ ጉዳያት ከምዘለው ክስመረሉ ይግባእ።

ትግራይ ካብ ዝተኸተልዎ ጉጉይ መንገዲ ኣዝዩ ዝበኣሰ ህልውና ትግራይ ናብ ኣዝዩ ሓደገኛ መንቀራቕሮ የእትውዎ ኣለው። መራሕቲ ህወሓት ንጣብ ብሄራዊ ስሚዒት ስለዘይብሎም ውሽጣዊ ፍልልዮም ሓድነትን ስምረትን ትግራይ ናብ ሓድጋ ብዘእቱ ናይ ሰዓርን ተሰዓርን በታናይ ኸይዲ እዮም ዝፍፅምዎ። ኣብ 1890ታት ዝነበሩ መራሕቲ ብፍላይ ኣብቲ መጀመሪያ እዋናት ብመንገሻ እናተመርሑ ትግራይ ዓርሱ ዝኸኣለ ናይ ስልጣን ማእኸል ንምግባር ምስ ዝተፋላለዩ ሓይልታት ብፍላይ ምስ ጥልያንን እንግሊዝን ርክባትን ምሕነትን ንምፍጣር ፈቲኖም እዮም። ደጋውን ውሽጣውን ኩነታት ስለዘየፍቀደሎምን ምናዳ ድርቂ ስዒቡ ቁጠባውን ወታደራውን ዓቕሚ ትግራይ ኣዝዩ ስለዝተዳኸመ መማረፂ ብምስኣን ነይሩ ንሚኒሊክ ዝገበሩ። ብኣንፃሩ መሪሕነት ህወሓት ዓቕሚ ትግራይ ንምጥቃም ዘኽእል ዕድል ተዋሂብዎ ልክዕ ዘይብሉ ናይ ስልጣን ህርፋን ስለዘለዎ በቲ ሓደ ወገን ከይተሓተተ ብወለንትኡ ኢዱ ሂቡ።

እዚ ሓይሊ ናብ ኽልተ ወገን ተገሚዑ ስልጣን ንምርካብን ንምፅናዕን ኩሎም ብሄራዊ ዘዕባታት ራሕሪሑ ይደራደር ኣሎ። ብፍቓዶ ንምስለኔነት ዝሓደሩን ዝጓየዩን ጉጅለታት ህወሓት፡ መራሒ ስርዓት ኢትዮጵያ ናይ ትግራይ ፖለቲካ ስልጣን ናይ መወዳእታ ብይን ወሃቢ ኮይኑ። መሰል ርእሰ ውሳንኡ ንምውሓስን ንምቕፃልን ኣዝዩ ኸቢድ ዋጋ ዝኸፈለ ህዝቢ ኩሉ ነገር ትሕቲ ጉጅላዊ ስልጣኑ ብዝሰርዐ ሓይሊ መሰል ርእሰ ውሳንኡ ተመንጢሉ ብምስለኔታት ይግዛእ ኣሎ። መራሕቲ ህወሓት ድማ ንምስለኔነት ኩሉ ዓይነት ድሕረት ብምጥቃም ይሻመዩ ኣለው። ህዝቢ ትግራይ ኣካል ናይ መሪሕነት ህወሓት ናይ ድሕረትን በታታናይ ኣጀንዳ ስለዘይኾነ እዩ እምበር፡ ትግራይ ናይ ምብታትን ተግባራቶም ካብ ግብራዊ ካብ ዝገብሩ ፀኒሖም እዮም።

ካብ 1890ታት ክሳብ 1930ታት ዝነበሩ መራሕቲ ትግራይ ኣብ ከቢድ ውሽጣዊ ናይ ስልጣን ሽሚያ ምጥሓሎም ከይኣክል ብስርዓት ኢትዮጵያ እንትጓነዩ ወይድማ ናይ ስልጣን መናሕንሕቶም ንምውቃዕ ብሰሜንን ደቡብን ዝነበሩ ሓይልታት ንምምሕዛው ፈተነታት ይገብሩ ነይሮም። ይኹን እምበር ኣብ መብዛሕቲኡ እዋን ውሽጣዊ ጎነፅ ብዘጎሃህር ኣገባብ ይፍፀም ስለዝነበረን ነቲ ኹነታት ኣብ ግምት ዘእተወ ቁርፅ ዝበለ ውሳነ ንምውሳን ይፅገሙ ስለዝነበሩ ካብ ተዋረዳዊ ተኣማንነት ዝዘለለ ዘላቒ ምሕዝነት ክፈጥሩ ኣይከኣሉን። ስለዝኾነ ምስ ሽዋን ጥልያንን ኣብ ዝተፈላለይ እዋናት ዝተገበሩ ዝበዝሑ ምሕዝውናታት ውሽጣዊ ጎነፅ ብሰዓራይነት ንምውፃእ እምበር ዘላቒ ህልውናን ረብሓን ትግራይ መሰረት ዝገበሩ ኣይነበሩን (ሃይለስላሴ ጉጉሳ፣ ኣባ ይላቅ ካሳ፣ ጉጉሳ ኣርኣያ ካብ ዝገበርዎም ዘይሰመሩ ፈተነታት ወፃኢ)። መሪሕነት ህወሓት ድማ ካብዚ ብዝበኣሰ ብኽልቲኡ ኣንፈታት ናብ ዘለው ሓይልታት የማዕድው

ኣሎ። ሓደ ኽፋል ህወሓት ምስ ስርዓት ኢትዮጵያ፣ እቲ ሓደ ድማ ምስ ህግዴፍ ይሰሓሰሑ ኣለው። እዞም ሓይልታት ምስ ክልቲኦም ሓይልታት ርክብ ዝፈጠርሉ ኣውራ ምኽንያት ኣብ ስልጣን ንምፅናሕን ስልጣን ንምምንዛዕን ግዳማዊ ዘራይ ስለዘድልዮም ጥራሕ እዩ።

ትግራይ መፃወቲ ሜዳ ፖለቲካ ሽዋን ትግራይን 2.0 ኾይና ኣላ። ጉጅለታት ህወሓት ቅድሚ ሐዚ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ብርኪ ግዳማውያን ሓይልታት ኣብ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ጉዳይ ኢዶም ክሓውሱ ይዕድሙ ኣለው። እዞም ንመላፍንቲ ዝተሓረዩ ሓይልታት ድማ ብፍላይ መፃምዲ ፅንተታዊ ኹናት ትግራይ ምንባሮ ክሰሓት የብሉን። ኣልፋን ኦሜጋን ዕላማ ህወሓት ብቐዋምነት ፖለቲካ ስልጣንን ትግራይ ምብሓት እዩ። ነዚ ዕላም ንምግሃድ ኩሎም መማረፅታት ስለዝጠቀሙ ንድልየታት ሓይልታት ፅንተት ሓዲሮም ስልጣን ይሻሙዩ ኣለው። እዚ ሓይሊ ብሓፈሻ ብሞራል፣ ሕጊ፣ ታሪኽ ዝቕየድ ኣይኮነን። ኩሉ ነገር እንኮላይ ህልውና ትግራይ ትሕቲ ስልጣኑ ስለዝኾነ።

## መኽምበቲ

መሪሕነት ህወሓት፡ ናብ ክልተ ወገን ተገሚዑ ወታደራዊ ክንፉ ብምስላፍን ግዳማውያን ሓይልታት ብምስታፍን ህልውና ትግራይ ዝፈታተኑ ተግባራት ይፍፅም ኣሎ። ፖለቲካና ናብ ቕድሚ 100 ዓመት ዝነበረሉን ካብኡ ዝገደደ ንምምላስ መራግሒ ናይ ስልጣን ጉጅለታት ብምግባር ብሄራዊ ህልውና ትግራይ ነበረ ክኸውን ይሰርሕ ኣሎ። ዕድመ ፖለቲካዊ ስልጣን ብስርው መሪሕነት ህወሓት ብዝወሰኸ ወይድማ ኣብ ፖለቲካ ትግራይ ዘለዎ ወሳኒ ተራ ክሳብ ዝቐፀለ ሓደጋ ብሄራዊ ህልውና ትግራይ ብኡኡ ልክዕ እናወሰኸ ይኸይድ ኣሎ። እዚ እናተጋደደ ዝኸይድ ዘሎ ሓደጋ ዝግታእ ድማ ህልውና ዓዱ ዘሻቕሎ ኩሉ ትግራዋይ ዓዱ ንምድሓን ክረባረብ እንተሎ እዩ። ትግራይ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ኣብ ሓደጋ እዋን ከምዘላ ብእማን ካብዚ ሓደጋ ትወፀሎም መንገድታት ብቕልጡፍ ምንዳይ የድሊ። ቅድምቀዳድም ኹሉ ዝተወደበ ኣካል ብማዕርነት ዝሳተፈሉ ብሄራዊ ዘተ ይፀዋዕ። እዚ ብሄራዊ ዘተ ዘሕልፎም ውሳነታት መሰረት ብምግባር ድማ ኣካባይ ጊዝያዊ መንግስቲ ብቕልጡፍ ክጣየሽ ኣለዎ።

ቅልውላው መሪሕነት ትግራይ ግና ብመሪህነት ህወሓት ኣይፍታሕን ጥራይ ዘይኮነስ እዚ ሓይሊ ኣብ ትግራይ ካልእ መማረፂ ሓይልን ናይ ስልጣን ማእኸልን ከይበቁል እናሰርሐ ዝመፀ እዩ። ከም ፖለቲካዊ ሓይሊ ናይ ሓሳብን ዕላማን ውድብ ምኟኑ ደው ካብ ዘብል ብርክት ዝበለ ዓመታት ዘቑፀረ እንትኸውን ሐዚ ድማ ብቀንዱ ናይ ህልውናና ሓደጋ ኮይኑ ኣሎ። ስለዝኾነ ካብዚ ሓይሊ ወፃኢ ዘሎ ትግራዋይ ብሓፈሻ

እዚ ሓዱሽ ወሎዶ ድማ ብፍላይ ዘበኑ ክውንን ናይ ባዕሉ መሪሕነት ክፈጥርን ናብ ቅድሚት ከምፅእን ኣለዎ። እዚ መሪሕነት ብሄራዊ ረብሓታት ትግራይ ብዝግባእ ዝፈልጥ፣ ዒንኪላላዊ ቅልውላው መሪሕነት ትግራይ ንምስባር ዝቖረፀ፣ ሓቀኛ ናይ ኩነታት ገምጋም ዝገብር፣ ቢሄራውን ከባብያውን ምዕባለታት ዝርዳእን ብድምር ዓንዱ ቃልሱ ህልውናን ረብሓን ትግራይ ዝገበረ፡ ቆራፅ፣ መትከላዊ፣ ሰዓማይን ኣካባይን መሪሕነት ክኸውን ኣለዎ። እዚ መሪሕነት ዓቕምታት ትግራይ ብምእካብ ትግራይ ኣትያቶ ካብ ዘላ ሓደጋ ህላወ ንምፍታሕ ዘኽእል ልቦና፣ ዓቕሊ፣ ብሄራውነት፣ ናይ መሪሕነት ጥበብ ዝሓዘ ምዃኑ ምርግጋፅ የድሊ። እዚ ክውን ንምግባር ግና ግዚኡ ዝሓለፎን ናብ መፃወድያ ቅልውላው ብሄራዊ ሓደጋ ዘእተወና መሪሕነት ህወሓት ብቕልጡፍ ክነግልሶ ይግባእ። በዚ ኣዝዩ ድሑር ስርዓት ካብ ምግዛእ ንላዕሊ ብሄራዊ ውርደትን ካብቲ ዘለናዮ ዝኸፍአ ሕስረትን ስለዘየለ ኢድ ንኢድ ተታሓሒዝና ንለውጢ ንበገስ።


**ብክንፈ ሓዱሽ**

**ኣባል ብሄራዊ መሪሕነት ሳልሳይ ወያነ ትግራይ**

**ኣብ ዩኒቨርሲቲ መቐለ፡ መምህር ምሕደራ ህዝቢ (Public Administration)**

**ኢሜይል፡ kinfehadush2008@gmail.com**

**X፡ @hadush_kinfe**